መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እግዚኣብሒር ኩሉ ክፈጥሮ እንከሎ





ጸሓፊ ፦ Edward Hughes
ገላጺ ፦ Byron Unger; Lazarus
ኣወሃሃዲ፥ Bob Davies; Tammy S.
ተርጋሚ፦ ተስፋኣለም በራኺ፥
ሙሉጌታ ዘርኣይ፥ ጸሃይነሽ ታደሰ
ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2012 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፥ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፥

መን ፈጠረና? መጽሓፍ ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ወድሰብ ካበይ ከምዝመጸ ይነግረና፡ ነዊሕ ዘመን ይገብር እግዚኣብሄር እቲ ናይ መጀመርታ ሰብ ፈጢሩ ኣዳም ኢሉ ከኣ ሰመዮ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ። ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ ኣዳም ህያው ነፍሲ ኮነ። ኣዳም ንርእሱ ኣብ ሓደ ጽቡቅን ምልኹዕን ዘገርም ምድሪ ኤደን ገነት ረከባ።



ቅድሚ ንኣዳም እግዚኣብሄር ምፍጣሩ ጽብቕቲ ዓለም ብዘደንቕ ፍጥረታት ዝመለኣት ኣዳለወሉ፡ ደረጃ ብደረጃ እግዚኣብሄር ኣክራናት ጎቦታት ከበሳታትን ጎላጉልን ብዘደንቑ ኣግራብን ዕምባባታትን ዝተሸፈነ ኣዝየን ብዝተፈላለየ ክንቲትን መንፈርፈርን ብዘጌጻን ዝተዓደላ ኣዕዋፍ ሚም ዝብሉ ጽቡቃት ፍጥረት ነፈርቲ ንህብታት ወለወለል ዝብሉ እንስሳታት ባሕሪ ዘንጸባሩቑ ህያባት ባሕርን ኣዳለወ። እቲ ዘገርም ከኣ እግዚኣብሄር ነዚ ኩሉ ጽቡቕ ኣብኡ ከሎ



እግዚኣብሄር ብመጀመርታ ቅድሚ
ኩሉ ምፍጣሩ ዋላ ሓደ ኣይነበረን
እግዚኣብሄር ጥራዩ በይኑ ኔሩ። ሰብ
ኣይነበረን ቦታ ዝበሃልውን ኣይነበረን
ዋላ ሓደ ኣይነበረን፣ ብርሃን
ኣይነበረን ጸልማትውን
ኣይነበረን። ላዕሊ
ታሕቲ ዝበሃል
ኣይነበረን፣ ሎሚ
ጽባሕ ዝበሃልውን
ኣይነበረን፣ እግዚኣብሄር
ጥራይ በይኑ። መጀመርታ
ዘይብሉ ኔሩ፣ ዳሕራዩ
እግዚኣብሔር እዚ ኣቀዲምና
ዝጠቀስናዮ ክገብር ዝጀመረ፣



ኣምላኽ ብመጀመርታ
ሰማይን ምድርን
ፈጠረ።

ምድሪ ድማ በረካን ጥራያ
ነበረት ጸልማት ከኣ ኣብ
ልዕሊ መዓሙቑ ነበረ።
ኣምላኽ ከኣ ‘ብርሃን
ይኩን’ በለ፡



ብርሃን ድማ ኮነ፡ኣምላኽ ነቲ ብርሃን መዓልቲ ኣውጽኣሉ ፡ነቲ ጸልማት ከኣ ለይቲ ኣውጽኣሉ ምሸት ኮነ ብጊሓትውን ኮነ ሓንቲ መዓልቲ፡



ኣብ ኻልኣይቲ መዓልቲ ነቲ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘሎ ማያት ማለት ባሕርታት ውቅያኖሳት ቀላያት ድማ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ጠፈር ፈለዮ፡ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኣምላክ ድማ እቲ ንቑጽ ምእንቲ ኪርኤስ እቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ማያት ናብ ሓንቲ ቦታ ይተኣከብ በለ፡ከምኡ ድማ ኮነ፡ኣምላኽ ከኣ ነቲ ንቑጽ ምድሪ ኣውጽኣሉ ነቲ እኩብ ማያት ድማ ባሕሪ ኣውጽኣሉ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ከምዚ ኢሉ ኣዘዘ። እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ ዝህቡ ብቈልን ፧ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ። ፍረ ከከም ዓይነቱ ኣብ ምድሪ ዝፈሪ ኦም። ተውጽእ። በለ፡ ከምኡ
ድማ ኾነ፡ ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ
ከም ዝኾነ ረኣየ። ምሸት
ኰነ ብጊሓት ኰነ
ሳልሳይ መዓልቲ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ንምብራህ
ጸሓይ ወርሒን ብዙሓት ከዋክብትን
ንምቁጻሮም ዘይከኣል ኣብ ጠፈር ሰማይ
ብርሃን ይኹን በለ። ከምኡ ድማ
ኰነ ምሸት ኰነ ብጊሓት ‘ውን
ኰነ ራብዓይቲ መዓልቲ።



ቀጺለን ኣብ መዝገብ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ተታሒዘን ዝነበራ ፍጥረታት
ባሕሪን ዓሳታትን የዕዋፍን ነበራ።
ኣብ ሓሙሽይቲ መዓልቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ዓበይን ንኣሽቱን ፍጥረታት
ባሕሪ ፈጠረ፥ ከምኡውን ነዊሕ እግርን
ገዚፍ ኣካላት ዘለወን ከም ሰገን ደርሆ
ማይ ከምኡውን ንምርኣየን ባህ ዘብላ
ደቀቅቲ ውቁባት ዝነፍራ የዕዋፍ
ፈጠረ። በዚ ከኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ንባሕሪ ዝመልኡ፥ ዝተፈላለዩ ዓይነት
ፍጥረታት ዓሳን ንምድሪ ዝመልኣን
ንምርኣየን ደስ ዘብላ ኣብ ልዕሊ ገጽ
ምድርን ባሕርን ኣብ ኣየር ዝነፍራን
ፈጠረ። ምሸት ኰነ ብጊሓት ኰነ
ሓሙሻይቲ መዓልቲ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ምድሪ ህያው ነፍሲ ዘለዎ በብዓይነቱ እንስሳን ከም መጥበውቲ ለመምታ ሓሳኩ ምድሪ ማያውያን ኣራዊት ምድርን በብዓይነቶም ተወጽእ በለ። ከምኡ ድማ ኰነ። ኣብ ምድሪ ብዕብየት ኣፈጣጥርኦም ዘገርሙ ከም ሓራምዝ ብመጠን ግዝፊ ዝናኣሱ ቬቨር ዝኣመሰሉን ፈጠረ፡ ከምኡውን ካብ ሓደ ዓቢ ገረብ ናብ ካልእ ዓቢ ገረብ ብዘደንቅ ዝላ ዝዘሉ ኣህባይ ዋዓግ ቾምባዜ ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ምድሪ ለመም (ገፊፍ) ኢሎም ዝከዱ ከም ጐብየ።



ሕሰይ ሕሰይ ዝብሉ ዓበይቲ ፍጥረታት ፈለክለክ እንዳበሉ መብራህቲ ብጸልማት ዘብርሁ። ኣብ ምድሪ ምስ ፈሰሱ ንሳዕርን ኣቍጽልትን ከም ዘይነበረ ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ፍጥረት ፈጠረ። ኣዝዮም ዛዕጋፉት (ጨጓራት) ነዊሕ ዝክሳደን ዘራፍ ካብ ምድሪ ብርኽ ዝበለ ዘእጋረን፡ ከምኡውን ዝተፈላለየ ሃደንቲ ሓጸርትን ነዋሕትን ዓሌት ደማሙ፡ ነብሪ ብምሉኦም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ፈጠሮም። ምሸት ኰነ ብጊሓት ሻዱሻይቲ መዓልቲ።



ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ካልእ ኣዝዩ ዘደንቕ ፍጥረት ፈጠረ። ካብ
ኩሎም ከኣ ኣዝዩ ፍሉይ፡ ንሱ ድማ ወዲ ሰብ፡ እዩ። ኣብ ምድሪ
ዘራእቲ ንመግቢ ዝኾንዎ እንስሳታት ድማ ንዕኡ ዘገልግልዎ
ኣቐዲሞም ተዳሊየምሉ እዮም። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ
‘ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር
በለ’ ። ንብዘላ ምድሪ ኩሉ ድማ
ይግዛእ በለ። በዚ ድማ ‘ብኣምሳል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰብ
ተፈጠረ’ ።



እግዚኣብሄር ንኣዳም
ከምዚ በሎ፡ ካብቲ
ኣብ ምድሪ ገነት ዘሎ
ኵሉ ከም ዝደለኻ
ብላዕ ካብታ ጽቡቕን
ክፉእን እተፍልጥ
ኦም፡ ግና ኣይትብላዕ
በሎ። ካብኣ ምስ
እትበልዕ መዓልትስ
ሞት ክትመውት
ኢኻ፡ በሎ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ሰብኣይ በይኑ፡ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኰነን በለ። ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ክገብረሉ እየ በለ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንዅሉ ኣራዊት መሮር ንዅለን ኣዕዋፍ ሰማይን ካብ ምድሪ ገበረን። እንታይ ከም ዝሰምየን ከኣ ናብ ኣዳም ኣምጽኤን፡ ነቲ ህያው ነፍሲ ዘለዎ ኵሉ እቲ ኣዳም ከም ዘውጽኣሉ ስሙ ንሱ ኰነ። ንሰብ ግና ንዕኡ እትበቅዕ ደጋፊት ኣይተረኸበትሉን።





እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ
ነቲ ሰብኣይ ከቢድ ድቃስ
ኣውደቖሉ ደቀሰ ድማ
ካብ መሰንገሊኡ ከኣ ሓንቲ
ወሰደ ኣብ ስፍራኣ ድማ ስጋ
መልኣ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ድማ ነታ ካብ ኣዳም ዝወሰዳ
መሰንገለ ሰበይቲ ገይሩ።
ሰርሓ። እሞ ናብ ኣዳም
ኣምጽኣ፡

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኹሉ ኣብ ሸውዓተ
መዓልቲ ፈጸሞ ። ብሳብዓይቲ መዓልቲ
ድማ ካብቲ ዝገበሮ ኵሉ ግብሩ ዐረፈ።
ነታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ባረኻን ቀደሳን።
ኣዳምን ሄዋን ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም
እንዳ ኣምለኹን እንዳ ተኣዘዙን ይነብሩ
ነበሩ። እግዚኣብሄር ድማ ጐይትኦምን
መጋቢኦምን ዓርኮምን ኮይኑ ነበረ።



# እግዚኣብሒር ኩሉ ክፈጥሮ እንከሎ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፡130

መፈጸምታ

1

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፡

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፡ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፡ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፡ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፡

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፡ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፡ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፡” ኣሜን፡

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16